# ‘ሽዳ’



**ሽዳ፡** ትዝ ኢሉኒ ብጻያዊ ፍቕርኻ፣

ክንጉዓዝ ብሓባር ኣብ ጸምጸም በረኻ፣

ንዓይ ምስ ጽዕነተይ ተሰኪምካ ኣብ ዳንጋኻ፣

ከመይ ጌረ ክርስዖ ፍረ ጻማኻ።

**ሽዳ፡** ዘኪረዮ ዕላል ናይ በይንና፣

ኣብቲ ፈታን ግዜ ጉዕዞ ሰውራና፣

ተልእኮ ክንፍጽም ሓቢርና ክልተና፣

ናፊቐዮ ዝሓለፈ ታሪኽ ሂወትና።

**ሽዳ፡** ይዝክሮ ጻዕሪ ድኻማትካ፣

ብታሕጓስ ንኹሉ ተሰኪምካ፣

ኣብ ሽቶኣኡ ተብጽሖ ተልእኮኻ፣

ኣነስ ኣዝየ ኮሪዔ በኣኻ።

**ሽዳ፡** ተገልግል ንነዊሕ እዋን ብዘይ ጡሮታ፣

ትጽግን ነብስኻ ብሓዊ ሃልሃልታ፣

ድምጽኻ ትሑት ኣብቲ ለይቲ ቀውታ፣

ታሪኽካ ፍሉይ’ዩ ነይብሉ መሰታ።

**ሽዳ፡** መን መረጸካ ክትከውን ብጻይ ገድሊ፣

ፈሊጡ ድዩ’ሽ ምኳንካ እሙን ኣገልጋሊ፣

ካበይ ኣጥሪኻዮ እዚ ኩሉ ዓቕሊ፣

ንዓኻ ሒዘ የብለይን ኣሻቓሊ።

**ሽዳ፡**ሙቕት ኣየሸግረካ ጸሓይ ናይ ቀትሪ፣

ቁሪ ኣየጸግመካ ናይ ባርካ ይኹን ባሕሪ፣

መምስ ኩነታቱ ነብስኻ ተመዓራሪ፣

ፍጹም ተገሪመ ብናትካ ባህሪ።

**ሽዳ፡**እሾኽ ኳኲቶ ጌሩካ ቤቱ፣

ገለ ይብሉኻ ሕጅስ ሞይቱ

ንስኻ ግን ጉዕዞ ትቕጽል በብመዓልቱ፣

ንኹሉ ተብጽሖ ነናብ ናቱ።

**ሽዳ፡**ሕብርኻ ጸሊም ኣፍሪቃዊ፣

ስራሓ ዕቱብ ንኹሉ ዘርዊ፣

እንተሓመምካ ትፍወስ ብሓዊ፣

ብሓቂ ትጉህ ተጋዳላይ ኢኻ ሰውራዊ።

**ሽዳ፡**ክንደይ ክብሎ'ሞ ናትካ ቁምነገር፣፡

ኣሰር ርጋጽካ ኣሎ ኣብ መላእ ሃገር፣

ብቓልስኻ  ኮቶ የለን ዝደናገር፣

ሳላ ተሳትፎኻ ነጻ ወጺኣ ሃገር።

**ሽዳ፡**ትጉህ ፍጥረት ብጅግንነት ትልለ፣

ይሓስብ ኣይነበርኩን ካባኻ ክፍለ፣

ሓደ ንምዕራብ ካልእ ምብራቕ ካብ ኣበለ፣

እንታይ'ሞ ይግበር ጊዚኡ ካብ ኣኸለ።

**ሽዳ፡** ሃገር ምልማዕ ካብ ኾነ እቲ ፍሪ፣

ንስኻ ብዓዲ ኣነ ካብ ስግር ባሕሪ፣

ፍጥነት ንወስኽ ብርቱዕ ናህሪ፣

ጉዕዞና ይቕጽል ምስ ደቂ ሓራስ ነብሪ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ;

ገብረንጉስ መስመር።

ሽዳ፡